# ነገር ሓደ ሰሚዕኻ'ዶ ይፍረድ ኢዩ?

## ብገብረ ፍስሓጽዮን

ኣብ ቋንቋ ትግርኛ "ነገር ሓደ ሰሚዕኻ ኣይትፍረድ፥ ውራይ ዘይብላክ ዕዳጋ ኣይትውረድ" ዝብል ምስላ ኣሎ። ብዛዕባ ሓደ ነገር (ናይ ሓደ ወገን) ርእይቶኻ ቀድሚ ምሃብካ፥ ካብ ክልተ ወገን ዝመጸአ ሓሳብት ይኹን ርእይቶ ድሕሪ ምስማዕ ፍርዳዊ ሓሳብካ ክትህብ ትኽእል። ኣብ ቤት ፍርድ እውን ንክልተ ሰባት፣ ክሱስን ከሳስን ርእይቶኦም ወይ ዘቕርብዎ መርትዖ ድሕሪ ምስማዕ ኢዩ ሓደ ፈራዳይ ፍርዱ ክህብ ዝኽእል።

ገለ ባእታታት ንኤርትራ ዘይምስላ ብምሃብ ከጸልምዋ ይስምዑ ኢዮም። እዚኣቶም ክኣ ኤርትራ በጺሖም ዘይፈልጡ ክኾኑ ከለዉ፣ እቲ ብዛዕባ ኤርትራ ዝረኸብዎ ሓበሬታ ካብ ሒደት ተጻባእቲ፣ ወይጦታት ከምኡውን ዝጠፈሹ ከድዓት ኢዩ። ንኣብነት፣ ኣሚኒስቲ ኢንተርናሽናል (AI )፣ ማሕበር ጋዜጠኛታት ብዘይ ዶብ፣ ወይ ክኣ Reporters without borders ዝበሃሉን ካልኦትን ናይ ወዲ ሰብ መሰል ንሕለቕ ኢና በሃልቲ ካብ ውልቀ ሰባት ከም በዓል ኤልሳ ጭሩም፣ ሜሮን እስቲፋንኖስን ሰላም ክዳነን ዝኣመሰላ ዝረኸብዎ ቁርጽራጽን ዝንብዑን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ሓበሬታ ብምእካብ ብዛዕባ ኤርትራ ዘይቅኑዕን ዝንብዑን ጸብጻብ ዘቕርባ።

ናይ ኤርትራውያን ማሕበረ ኮማት ኣብ ከተማታት ኣውሮፓን ሰሜን ኣመሪካን ከምእዉን ኣብ ካልኦት ክፍለ ዓለማት ተዘርጊሐን ኣለዋ። እቲ ዝሰፍሐ ኣባል ናይ ማሕበረ ኮማት ዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋ ኣይተሓተተን፣ ተሓቲቱ እዉን ኣይፈልጥን ኢዩ። ንኣብነት ኣብ ሽወደን ዘጋጠመ ርእናዮ ኢና። ገለ ናይ ጋዜጣ ትካላትን ናይ መንግስቲ ኣባላትን ነት ዝበዝሐ ኤርትራዊ ሽወደናዊ ድምጹ ከይሰምዑ፣ ናይ ሒደት በጻብዕቲ ዝቑጸሩ ሰባት ርእይቶ ዝሃብዎ ጉጉይ ሓበሬታ ብምእካብ መርግጺ ኣንጻር ዝሰፍሐ ኢርትራዊ ሽወደናዊ ክወስዱ ተራእዮም።

በዚ መኽንያት ኢዩ ክኣ ነገር ሓደ ሰሚዕኻ ኣይትፍረድ ዝተባህለ። እቲ ዝሰፍሐ ህዝቢ እወን ድምጺ ክስማዕ ኣለዎ። ኣምር ናይ ዲሞክራሲ እዉን እቲ ዝበዝሐ ክፋል ናይ ህዝቢ (ሓፋሽ ህዝቢ) ምስ ዝስማዕ ኢዩ ትርጉም ዝህልዎ። ናይ ብዙሓን መሰል ከይሓለዋ፣ መሰል ዲቂ ሰባት ንሕሉው ወይ ንጣበቕ ኢና ክብላ ዘሐንኽ ኢዩ።

ካልእ ኣብነት ንምጥቃስ ሚርያም ቫን ርሰን (Prof. Mirjiam van Reisen ) ዝተባህለት ሆላንዳዊ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቲልብሩኽ (Tilburg University) ፕሮፌሰር ዝኾነት EEPA ዝብሃል መጽናዕታዊ (Think Thank) ትካል ዝመስረተት ኮይና፣ ብዙሕ ግዜ ንኤርትራ ብሰብኣዊ መሰል ምግሃስ ክትኸሰስ ትስማዕ ኢያ። ሕሉፍ ሓሊፉ እውን ኣብ ምድረ በዳ ሲና ዘጋጥም ዘሎ ግፍዕታትን ጭውያን መንግስቲ ኤርትራ ኢድ ኣለዎ ኢላ ክትዛረብ ትስማዕ ኢያ። ናይዛ ተጠቂሳ ዘላ ሰበይቲ እቲ ዘገርም ነገር ክኣ ምስቲ ዝበዝሐ ህዝቢ (ኣስታት 10 ሽሕ ዝሸውን ኤርትራዊ) ኣብ ሆላንድ ዝቕመጥ ጨሪሳ ርክብ ዘይብላ ክነሳ ዶብ ሰጊራ ምስ ኣብ ሽወደን ትቕመጥ ሜሮን እስቲፋኖስ ርክብ ብምግባር ብዛዕባ ኤርትራ ሓበሬታ ክትእክብ ምፍታና ኢዩ።

ናይ ዞም ዝተፈላለየ ሽም ብምሓዝ ናይ ዲቂ ሰባት መስል ንሕለቕና በሃልቲ ወልቀ ሰባትን ትካላትን ንዓና ኤርትራውያን ነቶም ዝበዛሕና ከስምዑና ቅሩባት ኣይኮኑን ዘይኮነ ኣይደልዩን ኢዮም። ስለዚ ንሕና ዋላ ኣብቲ ኣፍደገ ገዝኦም ከድና ከም ዝሰምዑና ክንገብር ከምዘሎና መድረኽ ንሓተና ኢዩ። ንኤርትራ ዘይሕብራ ብምሃብ ከጸልምዋ ይፍትኑ ኢዮም። እቲ ቅኑዕ መልክዓ ምግላጽ ናትና ሓላፍነት ይኸውን።

ካብ 1991 ክሳብ እዚ ሕዝናዮ ዘሎና ዓመት ንመነባብሮ ህዝቢ ኤርትራ ንምምሕያሽ እተገብረ ጻዕሪ ቀሊል ከምዘይነበረን ዓበይቲ ለውጥታት ከምዝመጸን ኩሉ ዝምስክሮ ኢዩ። ብፍላይ ኣብ ገጠራት ኤርትራ እንተተዓዘብና ዓበይቲ ለውጥታት ከምእተኻየደ ክንዕዘብ ንኽእል ኢና። 80 ካብ ሚእቲ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ገጠራት ኢዩ ዝነብር። ናይ ዝሰፍሐ ህዝቢ ኤርትራ መነባብሮ ምምሕያሽ እተገብረ ናይ ልምዓትን ናይ ትሕተ ቅርጽን መደባት ዕውታት ምንባሮም መዝገባት ዝምስክርዎ ኢዮም። ስለዚ ንወድ ሰብ ዘድልዮ እቶም መስረታዉያን ዝኾኑ መስላት ንህዝቢ ኤርትራ ተማሊኦምሉ ኢዮም። ንሳቶ ክኣ፣ 1. ናይ ጽሩ ማይ ምስታይ 2. ናይ ጥዕና ኣገልግሎት 3. ናይ ውሕስነት መግቢ ምርግጋጽ 4. ማዕረ ናይ ትምህርት ዕድል ንምጥቃስ ይክኣል ኢዮ።

ንኣብነት ንጽሩይ ማይ ዝምልከት እንተርእና፣ 85% ናይ ህዝቢ ኤርትራ ጽሩይ ማይ ከም ዝሰትይ ናይ ሕቡራት ሃገራት ዝኾና ዝተፈላለያ ትካላት ዝኣምናሉ ኢየን። ንጥዕና ዝመልከት አውን፣ ነፍሲ ወከፍ ዓዲ ካብ 5 ኪሎ ሜተር ዘይርሕቅ ናይ ጥዕና መወኪስ ኣለዋ ወይ ኣገልግሎት ትረክብ። ብሓፈሻ ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ዕብየትን ምምሕያሽን ክምዝገብ ተኻኢሉ ኢዩ።

እዚ'ክኣ ቀንዲ መሰረታዊ ዕላማ ናይ መንግስት ህዝቢ ማሕበራዊ ፍትሒ ብምርግጋጽ ምዕሩይ ቑጠባዊን ማሕበራዊን ዕድላት ከምዝረከብ ምግባር ። ኣብ መንጎ ከተማን ገጠርን ጋግ ብምጽባብ ኩሉ ዜጋ ካብ ቑጣባዊ ባርነት ነጻ ኮይኑ ብቁዕ ማሕበራዊ ኣገልጉላት ብምርካብ ዝሓሸን ዝማዕበለን መንባብሮ ምፍጣር ኢዩ።

ህልው ኩነታት ኤርትራ ኣብ ትስፉው ናይ ምዕባለ መንገዲ እንዳተጕዕዘት ኮላ፣ ህዝቢ ብማዕረ መሰሉ ተሓሊሉ ኣብ ዝተረጋገአ ኩነታት እንዳነበረ፣ ብሰብኣዊ መሰል ምግሃስ ንኤርትራ ምክሳስ ሕቡእ ኣጀንዳ እንተዘይሃሊዎ፣ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ምኸኑ ዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋ ኣረጋጊጹ ዝፈልጦ ኢዩ።

ስለዚ ነዞም ነገር ሓደ ሰሚዖም ፍርዲ ክህቡ ዝፍትኑ ድምጺ ሓፋሽ ከሰምዑ ወይ ክሰምዑና ናትና ሓላፍነት ክኸዉን ኢዩ።

**ዓወት ንሓፋሽ**
**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**

Gebre Fessehazion
the Netherlands,